# ኣብ ስኮትላንድ ክንክን ጥዕና ብኸመይ ከምትረኽቡ

ሚያዝያ 2003

Access to health care - Tigrinya

እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ኣብ ስኮትላንድ ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ብኸመይ ከምእትረክብ ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ። ናይ ዑቕባ ሕቶ መስርሕ እንዳተኻየደ እንከሎ፡ ብዛዕባ ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ምርካብ ዘለዓሉ ሕቶታት ዝምልስ እዩ።

**ስኮትላንድ ናይ ጥዕና ክንክን ኣገልግሎት ክረክብ እኽእል'ዶ?**

- እወ፡ ኣብ ስኮትላንድ መብዛሕትኡ ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ብሃገራዊ ጥዕና ኣገልግሎት (NHS) ይወሃብ። ኣብ ስኮትላንድ ዝቕመጥ ኩሉ ሰብ ብዝተፈላለየ ደረጃ ካብ NHS ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።
- ሓተትቲ ዑቕባ ወይድማ ስደተኛ እንተደኣ ኰንኩም፡ መብዛሕትኦም እዞም ኣገግሎታት ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ትቕበሉ።

**ብኸመይ፧**

**ኣብቲ ናይ ፈለማ ዝተወሃበኒ መንበሪ ኣባይቲ (ብዙሕ ግዜ ካብ 2 -4 ሰሙን እትጸንሕሉ) ናይ ጥዕና ክንክን ኣገልግሎት ክቕበል እኽእል ዶ?**

- ሕጹጽ ክትትል ዘድልዮ ናይ ጥዕና ጉዳይ እንተደኣ ኣሎኩም ኰይኑ፡ ኣብቲ ናይ መርኣዩ ሰዓታት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ሰዓት 9፡30 ናይ ንግሆ ነቲ ናይ ስኮትላንድ ኢንዳክሽን ኣገልግሎት (SIS) ቤት ጽሕፈትና ክትውከሱዎ ይግባእ
- ኣብቲ ናይ ፈለማ መንበሪ ኣባይቲ እንዳተቐመጥኩም እንከለኹም ምስ ሓደ ካብቶም ኣብ ፈርንባንክ ማእከል ጥዕና ንግዚኡ ክትምዝገቡ ኢኹም። እዚ ድማ ኣብ 194 Fernbank Street, Springburn, Glasgow, G22 6BD ዝርከብ እዩ።
- ብመንገዲ ናይ ስኮትላንድ ኢንዳክሽን ኣገልግሎት (SIS) ቤት ጽሕፈት ኣቢልኩም ድማ ኣብቲ ናይ መርኣዩ ሰዓታት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ሰዓት 9፡30 ናይ ንግሆ ምስቲ ሓኪም ቆጸራ ክትሕዙ ይግባእ።

**ናብቲ ናይ ነዊሕ ግዜ መንበሪ ኣባይቲ ምስ ገዓዝኩ (ዲስፖሳል ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ክቕበል እኽእል'ዶ?**

- ናይ ከባቢ ሓኪም ክምደበልኩም እዩ

- ኣብቲ ሓድሽ ኣድራሻኹም ምስ ኣቶኹም ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ናይ ሓኪም መመዝገቢ ካርድ ክለኣኽልኩም እዩ። እዚ ካርድ እዚ እንተደኣ ዘይተቐበልክሞ፡ ነቲ ናይ መምበሪ ኣባይቲ ዝህብ ኣካል ክትውከስዎ ይግባእ።
- እቲ ናይ ሓኪም መመዝገቢ ካርድ ናይቲ ሓድሽ ሓኪምኩም ኣድራሻን ስልኪ ቁጽርን ዝሓዘ እዩ።
- እቲ ናይ ሓኪም መመዝገቢ ካርድ ምስ ተቐበልኩም እሞ ምዝገባኹም ምስ ወዳእኩም ናብቲ ዝተመደበልኩም ሓኪም ማእከል (መመርመሪ ማእከል) ክትከዱ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። ክንክን ጥዕና ክትረኽቡ እትኽእሉ ምዝገባኹም ምስ ወዳእኩም ጥራይ እዩ።

**ብኽመይ፥**

**ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ ወይድማ ግዜያዊ መንበሪ ፍቓድ እንተደኣ ተዋሂብኒ ኰይኑ፡ ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ክረክብ እኽእል'ዶ?**

- ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ ወይድማ ግዜያዊ መንበሪ ፍቓድ እንተደኣ ተዋሂብኩም፡ ኣብ ስኮትላንድ ከምእውን ኣብ መላእ ዓዲ እንግሊዝ ናጻ ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ምቕባል ክትቅጽሉ ትኽእሉ ኢኹም። ናብ ካልእ ቦታ ክትግዕዙ እንተደኣ ዘይደሊኹም ምስቲ ዘሎኩም ሓኪም ክትቅጽሉ ትኽእሉ ኢኹም። ናብ ካልእ ቦታ እንተደኣ ግዒዝኩም፡ ምስቲ ናይ ከባቢኹም ሓኪም ኣብቲ ማእከል (መመርመሪ ማእከል) ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ናይ ስደተኛታት መንበሪ ፍቓድ ወይድማ ግዜያዊ መንበሪ ፍቓድ እንተደኣ *ዘይተፈቐደለይ* ኰይኑ፡ ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ክረክብ እኽእል'ዶ?**

- ብዛዕባ እቲ ናይ ዑቕባ ምልክታኹም ዝተወሃበ ኣሉታዊ ውሳነ ብምቁዋም ይግባይ እንተደኣ ትብሉ ኣሎኹም ኰንኩም፡ ውሳነ ክሳብ ዝወሃበኩም ናጻ ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ክትቅበሉ ትኽእሉ ኢኹም።

- ናይ ዑቕባ ሕቶኹም እንተደኣ ተነጺጉ፡ እሞ እቲ ዘቕረብክሞ ናይ ይግባይ ምልክታ ድማ ብምልኡ እንተደኣ ተነጺጉ እሞ ገና ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ትቕመጡ እንተደኣ ኣሎኹም፡ ኣብ ስኮትላንድ ክሳብ ዘለኹም ብመንገዲ NHS ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ኣብ ግዜ ኢመርጀንሲ ናይ ክንክን ጥዕና ኣገልግሎት ክረክብ እኽእል'ዶ?**

- ንስኹም ወይድማ ኣባል ቤተሰብኩም እንተደኣ ብዕቱብ ሓሚምኩም ወይ ተጎዲእኩም፣ ኣብቲ ከባቢኹም ዘሎ ሆስፒታል ዝርከብ ናይ ሓደጋ ኢመርጀንሲ (A&E) ክትከዱ ይግባእ። ናብቲ ናይ ሓደጋ ኢመርጀሲ ንኽትከዱ ኣምቡላንስ እንተደኣ ዘድልየኩም ኰይኑ፣ ናብ 999 ደውሉ። 999 ወግዓዊ ናይ ኢመርጀንሲ ስልኪ ቁጽሪ ክኸውን እንከሎ፣ ህጹጽ ዝኾነ ሓገዝ ንምርካብ ናይ ኢመርጀንሲ ኣገልግሎታት ንክትውከሱ ዘፍቅድ እዩ። ንናይ ኢመርጀንሲ ጉዳያት ጥራይ ዘገልግል እዩ።
- ኣብ ሆስፒታላት ናይ ሓደጋን ኢመርጀንሲን (A&E) ኣገልግሎታት 7 መዓልታት ኣብ ሰሙን ን24 ሰዓታት ክፉት እዩ።
- ኣብቲ ናይ ሆስፒታል ክፍሊ ሓደጋን ኢመርጀንሲን ንምኻድ ቆጸራ ኣየድልን እዩ፤ እንተኾነ ግና ሓኪም ወይ ነርስ ንኽርእየካ ነዊሕ ምጽባይ ክህሉ ይኽእል እዩ።

**ምስ ሓኪም እንተደኣ ዘይተመዝገብኩ እንታይ ክገብር ይግበኣኒ?**

ምስ ሓኪም እንተደኣ ዘይተመዝገብኩም ኰንኩም፤ ነቶም ኣባይቲ ዝሃብኹም ወይድማ ዝኾነ ናይ ከባቢ ማሕበር ሰደተኛታት ክትውከሱ ይግበኣኩም። ንሳቶም ድማ፣ ምኽሪ ክህብኹም ከምእውን ኣብ ከባቢኹም ብኸመይ ከምእትምዝገቡ ክሕብርኹም ይኽእሉ እዮም።

**ብዛዕባ እቲ ብ NHS ዝወሃብ ኣገልግሎት ሕጉስ ምስዘይከውን እንታይ ክገብር ይግባኣኒ?**

ነዞም ስዒቦም ዘለዉ ነገራት ምስትውዓል ኣገዳሲ እዩ፥

- ናይ NHS ክንክን ጥዕና ኣብ እትቕበልሉ ግዜ ብኣኽብሮት፣ ብትሕትና ከምእውን ምስ ካልኦት ሰባት ብሓደ ዓይነት ኣረኣእያ ክቕበልኹም መሰል ኣሎኩም
- ኣብቲ ናይ NHS ናይ ቆጸራ ግዜ ኣስተርጓሚ ክትገብሩ መሰል ኣሎኩም። ወዲ ተባዕታይ ወይድማ ጓል ኣንስተይቲ ኣስተርጓሚ እንተደሊኹም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። በቲ ኣብ ግዜ ቆጸራኹም ንኽተርጉም ዝተመደበልኩም ኣስተርጓሚ እንተደኣ ሕጉሳት ዘይኰንኩም፣ ነቲ ናይ NHS ኣባል ሰራሕተኛ ቀልጢፍኩም ክትሕብሩ ይግባእ። ንኣብነት፣ ነቲ ኣስተርጓሚ ብቐረባ እንተደኣ ትፈልጥዎ ኰንኩም እሞ ናይ ግልኹም ዝኾነ ምስጢር ክትነግርዎ እንተዘይደለኹም፣ ወይድማ እቲ ኣስተርጓሚኹም ምሳኹም ብደምቢ ንምርድዳእ ዝኣክል ቋንቋኹም ጽቡቕ ጌሩ ስለዘይክእል ምስዝኸውን ንናይ NHS ኣባል ሰራሕተኛ ክትሕብሩ ይግባእ።
- ኣብ ክንዲ እቲ ዝተመደበልኩም ናይ ጠቕላላ ሓኪም (GP) ካልእ ኣብቲ ቤት ጽሕፈት (ማእከል) እቲ ዝሰርሕ ክቕየረልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ንኣብነት፣ ጓል ኣስንተይቲ ምስእትኾና እሞ ጓል ኣስንተይቲ ሓኪም ክትርእየክን ምስእትደልያ፣ ክትሓታ ትኽእላ ኢኽን። እቲ ዘቐረብክሞ ሕቶ ድማ ብዝተኻእለ መጠን ክማላኣልኩም እዩ።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
Scottish Refugee Council is a charity registered in Scotland.
Registered Charity: SC008639

በቲ NHS ዝሃበኩም ኣገልግሎት ሕጉሳት እንተደኣ ዘይኮንኩም ወይድማ በቲ ናይ NHS ሰራሕተኛ ሕማቕ ወይ እኹል ዘይኮነ ኣገልግሎት ከምዝተወሃበኩም ኮይኑ ምስዝስመዓኩም፣ ጥርዓን ከተቕርቡ መሰል ኣሎኩም። ጥርዓን ምቕራብ ኣብቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ወይድማ ናይ ኢሚግሬሽን መንበሪ ፍቓድኩም ዋላሓደ ጽልዋ የብሉን።

ብዛዕባ ጥርዓን ምቕራብ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ነቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ወይድማ NHS ብስልኪ ቁጽሪ 0141 201 4500 ወይድማ ኢመል ክትውከስዎም complaints@ggc.scot.nhs.uk ይግባእ። ከምእውን ብዛዕባ ጥርዓን ምቕራብ ሓበሬታ ዝህቡ ብሃሳስ ሰማያዊ ሕብሪ ዝተዳለወ "ርእይቶ፣ ሓሳባት ከምእውን ጥርዓናት" ዝብሉ ሓጸርቲ ጽሑፋት ኣብቲ ናይ NHS መከባቢያ ተዘርጊሖም ይርከቡ።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
Scottish Refugee Council is a charity registered in Scotland.
Registered Charity: SC008639